UK Health Security Agency

# ብዛዕባ ሄፓታይተስ ኤ

ሄፓታይተስ ኤ ንጸላም ከብዲ ዝጸሉ ተላባዒ ሕማም እዩ። ንዕኡ ዝኸውን ሕክምና የለን፡ መብዛሕትኦም ሰባት ግን ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ይሓውዩ። ሳሕቲ ገለ ሰባት ከቢድ ሕማም ጸላም ከብዲ ከጋጥሞም ይኽእል'ዩ። ክታበትን ጽቡቕ ጽሬትን እቲ ዝበለጸ ናይ መልከፍቲ መከላኸሊ መንገዲ  እዩ።

## ጠንቅታትን ምልባዕን

ሄፓታይተስ ኤ ብቫይረስ ዝመጽእ እዩ። እቲ ቫይረስ ኣብ ቀልቀል ናይ ሓደ ዝተለኽፈ ሰብ እዩ ዝነብር። ኣብ ልዕሊ መሬት ንሓያሎ ሰዓታት ክነብር ይኽእል ከምኡውን  ኣብ ኢድን ኣብ መግብን ንነዊሕ እዋን ክጸንሕ ይኽእል። ኣብ መንጎ ሰባት ብቐሊሉ ይላባዕ።

## ምልክታት

ምልክታት ናይ ሄፔታትስ ኤ ነዞም ዝስዕቡ የሓቑፍ፤

- ልዑል ረስኒ
- ጉንፋዕ ዝመስል ምልክታት
- ዕግርግር
- ጃውንደስ (ሕብረ ቆርበትን ጻዕዳ ዓይንን ብጫ ምዃን )
- ሓመዳዊ ዝመስል ቀልቀል ወይ ጸሊም ቡናዊ ሽንቲ ማይ

ገለ ህጻናት ምልክት ሕማም ኣየርኣዩን ግን ንኻልኦት ክለኽፉ ይኽእሉ።

## ብኸመይ ትልከፍ

ሄፓታይተስ ኤ ካብዞም ዝስዕቡ ክሓልፈኩም ይኽእሉ ኢዮም፤

- ዘይጽሩይ ማይ ምስታይ
- ዝተበከለ መግቢ ምብላዕ
- ምስ ሓደ ዝተለኽፈ ሰብ ብቐረባ ኣካላዊ ምትንኻፍ ምግባር እንተላይ ጾታዊ ርክብ ምፍጻም ወይ ናይ ዕጸፋርስ መውግኢ መርፍእ ብሓባር ምጥቃም

## ከይላባዕ ምክልኻል

ኣእዳውኩም ብማይን ሳሙናን ምሕጻብ፤

- ድሕሪ ሽቅቃ ምኻድ
- ቅድሚ ምብላዕ ወይ ምግቢ ምድላው
- ረሳሕ ናፒ ድሕሪ ምእላይ ወይ ሕሙማትን ክዳውንቶምን ድሕሪ ምሓዝ

ምልክታትካ ምስ ምጅማሩ ን7 መዓልታት ነቲ ቫይረስ ናይ ምትሕልላፍ ተኽእሎኻ ዝለዓለ እዩ።

## ክታበት

በዞም ዝስዕቡ ኲነታት ክታበት ሄፓታይተስ ኤ ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም፡

- ኣብ ውሽጢ ዝሓለፉ 2 ሰሙናት ምስ ዝተለኸፈ ሰብ ብቐረባ ኣካላዊ ምትንኻፍ ምስእትገብሩ
- ናብታ ሕማም ሄፓታይተስ ኤ ዝበዝሐላ ሃገር ምስ እትጓዓዙ
- ንነዊሕ እዋን ዝጸንሕ ሕማም ጸላም ከብዲ ወይ ሄሞፊልያ ምስ ዝህሉወኩም
- ምስ ደቂ ተባዕትዮ ጾታዊ ርክብ እትፍጽሙ እንተኾይንኩም
- ከም ሰራሕተኛ ምጉሓፍ ዓይኒምድሪ ዝኣመሰሉ ኣብ ልዑል ሓደጋ ረኽሲ ዘእትውካ ስራሕ ምስእትሰርሕ

## ብዛዕባ ሄፓታይተስ ኤ ዝያዳ ፍለጡ

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ሄፓታይተስ ኤ ን ምልክታቱን ንምርካብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ኤን ኤች ኤስ ተወከሱ nhs.uk/conditions/hepatitis-a/ ወይ ድማ ነቲ ኪው ኮድ ስካን ግበሩ።

**ትካል ውሕስነት ጥዕና ዩኬ**
**ንስግኣታት ጥዕና ምድላው፣ ምኽልካልን ግብረ-መልሲ ምሃብን፣**
**ምድሓን ህይወትን ምሕላው መነባብሮን**